## ሰይጣን ብለይቲ ኣብ መልኣኽ ክቕየር ዘይሕሰብ'ዩ

**3ይ ክፋል**

ኣብ 2ይ ክፋል ጽሑፈይ ዶክ.ኣቢይ ዝወሰዶ ተባዕ ፖለቲካዊ መቐይሮ እናድነቕኩ ብጉዳይ ኢትዮ-ኤርትራ ንዝጸንሐ ናይ ዶብ ግጭት ንምፍታሕ ዘቕረቦ መደረን ስዒቡ ብወገን መንግስቲ ኤርትራ ዝተወሰደ ስጉምትን ድሕሪ ምርኣይ፣ ንቕድሚት ዝረኣዩ ዓበይቲ ሕቶታት ከምዘለዉ ብምባል ኢየ ዘዚመዮ።

ፕረሲደንት ኤርትራ ንመጸዋዕታ ዶክ.ኣቢይ ብቕጽበት ኣይኮነን መሊሱሉ። ከባቢ ሰለስተ ቅነ ዝቀራረብ ጊዜ ወሲዱዩ። ኣብዚ ጊዜዚ ዶክ. ኣቢይ ንተቓወምቲ ውድባት ወጻኢ ካብ ኢትዮጵያ ብፍላይ ከኣ ኣብ ኤርትራ ዓስኪረን ዝነበራ ብሰላም ኣብ ኢትዮጵያ ክምለሳ መጸዋዕታ ምስገበረ፣ ፍሉጣት ናይ ፖለቲካ እሱራት ምስፈትሐ፡ ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዝነብር ህዝቢ ኢትዮጵያ ምሉእ ደገፍ ምስ ሃቦን፣ ነታ 16 ዓመት ዝዕድሚኣ ቃና ቀይሩ ንዝርርብ ልኡኻት ክንሰድድ ወሲና ኣሎና ክብል እንከሎ እንታይ ስለዝሓሰበ ኢዩ ዝብል ሕቶ ክሕተት ባህርያዊ ኢዩ ። ዝቕጽል ዘሎ ምዕብልናታት ከምዝምስክሮ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንደገፍ ዶክ.ኣቢይ ኣበየ ከተማታት ሰላማዊ ሰልፊ ክገብር እንከሎ ወደብቱን መላዓዓልቱን ብዘየገድስ ጎኖ-ንጎኖ ወያኔ ክጠፍእ ኣለዎ ዝብል ቃናታት ዘሰነዮ ምኳኑ ክዝንጋዕ የብሉን። በዚ ሓደ ሸነኽ፡ እቶም ኣብ ኤርትራ ተዓስኪሮም ዘለዉ ተቓወምቲ ሓይልታት ንፕረሲደንት ኢሳያስ እናድነቑ ንወያኔ ካብ ህዝቢ ንምንጻል ሓያል ፖለቲካዊ ቃልሲ ከከይዱ ዝጸንሑን ዘለዉን ኮይኖም ብጉዳይ ኤርትራ ወያኔ ከምዝሸጣ፡ ነጻነት ኤርትራ ደም ዝጥዕሞም ኣብ ግምት የእቲኻ፣ በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ ሓንትስ ወያነ ይጥፉኡ'ምበር ናይ ዶብ ምሕንጻጽ ይትረፈና ዝብል ብዘይካ ጽልኢ ናይ ወያነ ካልእ ኣብ ቀልቡ ዘየለ፡ ስልታዊ ድዩ ዕዉር ጽልኢ ብዘየገድስ ንቐጻሊ፡ ቀንዲ ቀለስቲ ናይዚ ተፈጢሩ ዘሎ ለውጢ ከይኮኑ ኣይክተርፉንዮም። እቲ ፖለቲካዊ ተበግሶ ዶክ. ኣቢይ ብሓፈሻ ዝነኣድ ምኳኑ ዘተሓትት እኳ እንተዘይኮነ፡ ግጉይ ስምዒታት ኣብ ህዝቢ ኢትዮጵያ የስፋሕፍሕ ከምዘሎ ንዶክ. ኣቢይ ዝኸወሎ ኣይመስለንን። እቲ ቦታ ሒዙዎ ዘሎ ናይ ልፍንቲ ሰልፍታት መንግስቲ ምኳኑ ርዱእ እናሃለወ፡ ንሓንቲ ካብተን መላፍንቲ ውድባት (ህ.ወ.ሓ.ት.) ናይ 27 ዓመታት ፣ ኣብ ኢትዮጵያ  ኩሉ ዝተገብረ ስራሓት ኣሉታ ከምዝነበረን ብሓላፍነት ወያነ እትሕተተሉ ምኳኑ ሰፊሕ ዘመተ ክግበር እንከሎ፡ ባንዴራ ኢትዮጵያ ብፓርላማ ዝጸደቐ ንሓድነት ብሔራት ዝድምር ምልክት ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ክቕደድ እንከሎ ትም ኢሉ ምርኣዩ፡ በተን ነቲ መንግስቲ ኣቝመን ዘለዋ ናይ ልፍንቲ ሰልፍታት ደገፍ ክረክብ ከምዘይክእል ጥራይ ዘይኮነስ እቲ ናይ ምድማር ፖለቲካ ኣብ ምጉዳል ክቕየር ከምዝኽእል ናይ ብዙሓት ርእይቶ እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። 27 ዓመታት ናይ ኢትዮጵያ ፖለቲካ ናይ ወያነ ጥራይ እንተነይሩ፡ እንተወሓደ ነቲ ብሔርን ብሔረ-ሰባትን ኢትዮጵያ፡ ንመዋእል ተሓሪሙወን ዝነበረ ብሔራዊ መሰላተን ይኹን ርእሰ ምሕደራ ካልእ እወንታታትን ክጥቀስ ዘይተደልየ ስለምንታይ ኢዩ። ብዛዕባዚ ኣልዒለ ክጽሕፍ ዘገደደኒ ነቲ ትማሊ ብለይቲ መልኣኽ ክመስል ዝፈተነ ፕረሲደንት ኤርትራ ዝሰማምዖ ፖለቲካ ስለዝረኣየ ንምብራህ ደኣም'ምበር ንህ.ወ.ሓ.ት.ንምጥባቕ ከምዘይኮነ ከብርሀ እፈቱ። ድሒርና ንሰምዖን ንርእዮን ከምዘሎና ዶክ.ኣቢይ ነቲ ሒዙዎ ዘሎ ቅኑዕ ፖለቲካዊ መስመር ንፓርላማ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ንመላፍንቱ ውድባት ከኣ ብፍላይ ዝደመረ ከምዘይኮነ ድምጽታት ኣብ ቃልዕ ክወጽእ ንዕዘብ ኣሎና። ብጉዳይ ግጭት ዶብ ምስ ኤርትራ ተበግሶኡ ቅኑዕ ስጉምቲ እኳ እንተኾነ፣ እቲ ጉዳይ ብቐዳምነት ንክልል ትግራይ ስለዝምልከት፡ ናይ ህዝቢ ትግራይን ህ.ወ.ሓ.ትን ሶዒቡ ከኣ ናይ ፓርላማ ደገፍ ቅድመ ተደላይነት ነይሩዎ። ሎሚ ኣብ ክልል ትግራይ ብሰላማዊ ሰልፍታት ደረጃ ንውሳኔ ዶክ.ኣቢይ ከምዘይቅበልዎ ዘርእይዎ ዘለዉ ናይዚ ጉድለታትዚ ዓቢ ምስክር ከይኮነ ኣክተርፍን ኢዩ። ኣብዚ ክዝንጋዕ

ዘይብሉ ግን እዚ ተቓውሞ ኣንጻር ውሳኔ ዶክ.ኣቢይ ኣብ ጉዳይ ዶብ ብድሕሪት ህ.ወ.ሓ.ት. ዳግም ዓቢ ጌጋ ይገብሩ ከምዘለዉ ዝስሕቶ ሰብ ኣሎ ኣይብልን። ነቲ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ተወዳዲቡ ዝግበር ዘሎ ናይ ደገፍ ሰላማዊ ሰልፍታት ምላሽ እንተኾይኑ ብዅሉ መለኪዒታት ቅኑዕ ኣይኮነን። መጀመርያ ጉዳይ ናይ ዶብ ግጮት ናይ ፕረሲደንት ኢሳያስ ምሕንጋድ መኽንያት ምንባሮም ክዝከር ዘለዎ ጉዳይ ኢዩ። ነቲ ቅድሚ 16 ዓመታት ንውሳኔ ኣልጀርስ ተቐቢልናዮ ኣሎና፡ ኣብ ባይታ ንምትግባሩ ግን ብሓደ ኮፍ ንበል ዝበልዎ፡ ሎሚ ዶክ.ኣቢይ ግቡእ ምላሽ ምስሃበሉ ገና ዶብ ከይተሓንጸጸ ልኡኻት ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣዲስ-ኣበባ ብበጠበጥ ድሕሪ ምእታዎም ሕቶኦም ምላሽ ረኺቡ እናሃለወ፡ ስለምንታዩ ሎሚ ብዝተረረ ቃና "ውሳኔ ኣልጀርስ ኣይንቕበሎን ኢና" ዝበሃል ዘሎ?

ብሓፈሻ ኩንተታ ፖለቲካ ናይ ኢትዮጵያ ጌና ኣብ ቃራና መንገዲ ምህላዉ ጎሊሑ ይረአ ኣሎ። እቲ ቀንዲ ተልእኾ ናይ ዶክ. ኣቢይ ናይ ምድማር ኣምር ብዘይ ገለ ምጉዳል ክኸውን ከምዘይክእልውን ምልክታት እናሃበ ኢዩ። መኽንያቱ ከኣ ንህ.ወ.ሓ.ት. ፈሊኻ እናወቓዕካ ኣየናይ ምስመን ክድመር ምኳኑ ብሩህ ስለዘይኮነ።

እንቶ  ህዝቢ ኤርትራ ግን ደላይ ሰላምን ዕርቅን እኳ እንተኾነ፡ ንኽድምርን ከጉድልንሲ ይትረፍ ንኽነብር እውን ነፈጉዎ ምስ ዘሎ ስርዓት ዝግበር ስምምዕ መሰረት ክህልዎ ኣይክእልንዩ።

ሰላምን ቅሳነትን ንህዝቢ ኤርትራ